# ሰብኣዊ መሰላት ከም መሳርሒ ምጥባቕ ምጥቃም

ብምትሕብባር እተዳለወ፡-

# Contents


2 ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት እንታይ እዩ ከምኡ’ዉን ብኸመይ ይሰርሕ?

4 እንታይ ዓይነት መሰላት እዮም ኣብ ኣዋጅሰብኣዊ መሰላት ዘለዉ?

5 ፍጹማን ከምኡ’ዉን ዘይፍጹማን መሰላት

6 ዓንቀጽ 3፦ ካብ ምስቓይ ከምኡ’ዉን ዘይሰብኣዉን ሕሱርን ኣተሓሕዛ ናጻ ናይ ምኻን መሰል

7 ዓንቀጽ 8፦ መሰል ንብሕታዉን ስድራ ቤታዊ ሂወት፣ ገዛ ከምኡ’ዉን ምልውዋጥ ሓሳብ

9 ዓንቀጽ 14፦ መሰል ካብ ኣድልዎ ናጻ ናይ ምኻን

11 ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምጥባቕ – ደብዳበ ምጽሓፍ

15 ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምጥባቕ፦ መልስኻ ምጒላሕ

17 ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምጥባቕ፦ መዝገብ ምሓዝ

# ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት እንታይ እዩ ከምኡ’ዉን ብኸመይ ይሰርሕ?

## ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት

ሰብኣዊመሰላት ናይ ሕጊ መጽሓፍ ብመንግስቲ፣ እንተላይ ከም ህዝባዊ ኣገልግሎታትን ሰራሕተኛታቶምን ኣረኣእዮኦም ኣብ ልዕሌና ከመይ ክኸዉን ትጽቢት ከም ንገብር ዝገልጽ ናይ ሕጊ መጽሓፍ ኢዩ።ሰብኣዊ መሰላት ካብ ስነ-ምግባራዊ ስርዓታት ንላዕሊ ኢዩ፣ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ሕጊ እዩ። ኣብ እንግሊዝ እዚ ሕጊ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብዚ ብዛዕባ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ሰብኣዊ መሰላት ክኽበር ምሕታት ፍሉይ ክንክን ምሕታት ኣይኮነን። ነቲ ሕጊ ክኽበር ምሕታት ማለት እዩ።

## ኣብ ትሕቲ ኣዋጅ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት መሰል ዘለዎ መን ኢዩ?

ኣብ እንግሊዝ ዝነብር ዘሎ ዝኾነ ይኹን ሰብ ሰብኣዊ መሰላት ኣለዎ። መን ሙኻንካ ብዘየገድስ – ንሳቶም ‘ዓለምለኻዉያን’ እዮም እዚ ማለት ክኣ ንኹሉ ሰብ ዝምልከት እዩ። ኣበይ ከም እተወለድካ ብዘይገድስ፣ ኣብ እንግሊዝ እንተ ኣለኻ፣ ሰብኣዊ መሰላትካ ኣብ ትሕቲ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ሕሉዉ እዩ። ኩነታት ስደተኛታትካ ኣየገድስን እዩ።

## ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት መዓስ ኢና ክንጥቀመሉ እንኽእል?

ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ንህዝባዊ ሰበ-ስልጣናት፣ ከምኡ’ዉንህዝባዊ ዕዮ ንዝፍጽሙ ኣካላትን ዝምልከት ኢዩ። እዚ ማለት ሓንቲ ናይ ብሕቲ ኩባንያ ህዝባዊ ዕዮ ትዓዪ እንተ ኣላ፣ ኣብ ትሕቲ ኣዋጅሰብኣዊ መሰላት ሓላፍነት ኣለዎም ማለት እዩ። ኣብ ኩሉ ደረጃታት ናይዞም ኣካላት ንዝዓዩ ሰራሕተኛታት ዝምልከት ኢዩ።

ክፍሊ 6 ናይ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኩሎም ህዝባዊ ሰበ-ስልጣናት፣ ከምኡ’ዉን ነቶም ኣብ ትሕቲኦም ዝዓዩ ሰራሕተኛታትን ሕጋዊ ግዴታ የቐምጥ። ኣብ ኩሉ ዕዮኦም ምስ ሰብኣዊ መሰላት ተሰማሚዖም ክመላለሱ ኣለዎም። ከምዚ ኺበሃል ከሎ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ንሰበ-ስልጣን ኣብ ተግባራቶምን ውሳነታቶምን ፖሊሲታቶምን ኣገልግሎቶምን ንሰብኣዊ መሰሎም ኬኽብሩን ኬዕቅቡን ኪፍጽሙን ሕጋዊ ግዴታ ይህቦም ማለት እዩ።

## ናይ ህዝባዊ ኣካላት ግዴታ

ናይ ምኽባር ግዴታ ክበሃል ከሎ ዋላ'ኳ ገሊኡ መሰላት ድሩት ክኸውን ዝኽእል እንተኾነ፣ ህዝባዊ ሰበስልጣናት መሰላትካ ክምንዝዑ የብሎምን ማለት ኢዩ። ግዴታ ናይ ምክልኻል ዕቑባ (safeguarding) ተባሂሉ እውን ይፍለጥ እዩ። እዚ ህዝባዊ ሰበስልጣናት መሰላትካ ኣብ ሓደጋ ከም ዘሎ እንተ ፈሊጦም ክከላኸሉልካ ኣበርክትኦም ክገብሩ ኣለዎም ማለት እዩ። ግዴታ ናይ ምፍጻም/ምምላእ ማለት መንግስቲ ኣብ ሰብኣዊ መሰላትካ ዝኾነ ሽግር ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ክምርምር ኣለዎ ማለት ኢዩ።

ክፍሊ 3 ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኵሎም ኣብ ህዝባዊ ሰበስልጣናት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ሰብኣዊ መሰላት (ብእተኻእለ መጠን) ብዘኽብር መገዲ ንኹሉም ሕግታት፣ ፖሊሲታትን መምርሒታትን ኣብ ግብሪ ከውዕልዎም ከም ዘለዎም ይገልጽ።

እዞምሓላፍነታት እዚኣቶም ኣብ መዓልታዊ ኩነታት ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም ምኽንያቱ እዞም ዝስዕቡ ክትገብር ትኽእል ኢኻ ማለት ስለ ዝኾነ፦

ክትዛረብ ምኽንያቱ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ሰብኣዊ መሰላት ስለዘለዎ።

ወሃብቲ ግልጋሎት ሰብኣዊ መሰላት ንምኽባርን ምዕቋብን ሕጋዊ ግዴታአን ይፍጽማ ምህላወን ንምርግጋጽ ክትዛረብ ትኽእል።

ናብ ቤት ፍርዲ ምኻድ ከየድለየካ ወይ ጠበቓ ብዘይምጥቓም ዝሓሸ መፍትሒ ንምርካብ ምስ ግልጋሎታት ምስራሕ።

ምስ ህዝባዊ ግልጋሎታትወይ ህዝባዊ ንጥፈታት ዝሰርሓ ወሃብቲ ግልጋሎታት ኣብ እንራኸበሉ ኣብ ዝኾነ ግዜ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ክንጥቀም ንኽእል ኢና። ንኣብነት፣ ኣብ ደብዳቤታት ናይ Home Office፣ NHS፣ ናይ ከባቢ ሰበስልጣናት ወይ ንውሳነ ህዝባዊ ኣገልግሎት ክትብድህ ከለኻ።

# እንታይ ዓይነት መሰላት እዮም ኣብ ኣዋጅሰብኣዊ መሰላት ዘለዉ?

ኣብ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት 16 መሰላት ኣለዉ። ገለ ካብዞም መሰላት ፍጹማን መሰላት ኢልና እንጽውዖም እዮም፣ እዚ ማለት ክኣ ብሕጋዊ መገዲ ክዕገቱ ኣይክእሉን እዮም ማለት እዩ። እቶም ካልኦት ከኣ ፍጹማን ዘይኮኑ እዮም፦ እዚ ማለት ድማ ሓደ ናይ መንግስቲ ብዓል ስልጣን ሰብኣዊ መሰላት ናይ ሓደ ሰብ ክዓግተሉ ዝፍቀደሉ እተወሰነ ኩነታት ኣሎ ማለት ኢዩ። እዞም ኩነታት ፍሉጣት እዮም ከምኡ'ዉን መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ሕጋዊ፣ ርትዓዊን ተመጣጣንን ፈተናታት ክስዕቡ ኣለዎም፦

- LAWFUL (there is a law that allows the measure)
- LEGITIMATE (the measure falls within a reason allowed in the text of the right)
- PROPORTIONATE (the measure is the least restrictive option available)

ሓደ ናይ መንግስቲ ብዓል–ስልጣን ወይ ኣካል ነዞም 3 ፈተናታት ከተግብሮም ምስ ዘይክእል ነቶም ቐይድታት ናይ ሰብኣዊ መሰላት ከትግብርዎ ሕጋዊ ኣይኰኑን።

<u>ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ 16 መሰላት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።</u>

# ፍጹማን ከምኡ'ዉን ዘይፍጹማን መሰላት

## ፍጹማን:-

- መሰል ንሂወት (ዓንቀጽ 2)
- ካብ ምስቓይ ከምኡ'ዉን ዘይሰብኣዉን ሕሱርን ኣተሓሕዛ ናጻ ናይ ምኳን መሰል (ዓንቀጽ 3)
- ካብ ባርነትን ናይ ኣስገዳድ ስራሕን ናጻ ናይ ምኳን መሰል (ዓንቀጽ 4)
- መሰልፍትሓዊ ፍርዲ ንምርካብ (ዓንቀጽ 6)
- ንስኻ ክትፍጽሞ ከለኻ ብሕጊ ኩልኩል ዘይነበረ ነገር ብምፍጻምካ ናይ ዘይምቕጻዕ መሰል (ዓንቀጽ 7)
- ንስኻ ክትፍጽሞ ከለኻ ብሕጊ ኩልኩል ዘይነበረ ነገር ብምፍጻምካ ናይ ዘይምቕጻዕ መሰል (ዓንቀጽ 7)
- መሰል ንትምህርቲ (ፕሮቶኮል 1፣ ዓንቀጽ 2)
- ምዉጋድ መቕጻዕቲ ሞት (ፕሮቶኮል 13፣ ዓንቀጽ 1)

## ዘይፍጹማን:-

- መሰልንሓርነት (ዓንቀጽ 5)
- መሰልንብሕታዉን ስድራ ቤታዊ ሂወት፣ ገዛ ከምኡ'ዉን ምልውዋጥ ሓሳብ (ዓንቀጽ 8)
- መሰልንናጽነት ሓሳብ፣ ሕልናን ሃይማኖትን (ዓንቀጽ 9)
- መሰልንናጽነት ኣራእያ/ ኣማላኽታ (ዓንቀጽ 10)
- መሰልንናጽነት ጉባኤን ማሕበርን (ዓንቀጽ 11)
- መሰል ንምምርዓውን ስድራ ቤት ምምስራትን (ዓንቀጽ 12)
- መሰል ካብኣድልዎ ናጻ ናይ ምኳን (ዓንቀጽ 14)
- መሰልንሰለማዊ ምስትምቓር ንዋይካ (ፕሮቶኮል 1፣ ዓንቀጽ 1)
- መሰልንትምህርቲ (ፕሮቶኮል 1፣ ዓንቀጽ 2)
- መሰል ንናጻ ምርጫ (ፕሮቶኮል 1፣ ዓንቀጽ 3)

*ገሊኦም መሰላት ፍጹማን ከምኡ'ዉን ዘይፍጹማን እዮም። እዚ ማለት ፍጹም ክቕየድ ዘይክእል ክፋል ኣለዎም ግን ከኣ ኣብ እተወሰነ ኩነታት ክቕየድ ዝኽእል ክፍሊ እዉን ዝሓዙ እዮም።

# ዓንቀጽ 3፡- ካብ ምስቓይ ከምኡ’ዉን ዘይሰብኣዉን ሕሱርን ኣተሓሕዛ ናጻ ናይ ምኻን መሰል

ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ 3 ካብ ምስቓይ ከምኡ’ዉን ዘይሰብኣዉን ሕሱርን ኣተሓሕዛ ናጻ ናይ ምኻን መሰል ንሰባት ካብ ከቢድ ናይ ኣእምሮ ወይ ኣካላዊ ጉድኣት ወይ ዘሕፍር መገዲ ንከይትሓዙ ዝሕልዎም እዩ። እዚ ኣተሓሕዛ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፡-



ብጣዕሚ ከም እትፈርሕ ወይ እትጭነቕ ዝገብር



ብዙሕ ስቅያት ዝፈጥር



ዋጋ ከም ዘይብልካ ወይ ተስፋ ከም እትቚርጽ ዝገብረካ

ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ካብ ዘይሰብኣዉን ሕሱርን ኣተሓሕዛ ከዕቑበካ ክትጥቐመሉ ምስ እትደሊ፣ እቲ ኣተሓሕዛ ኣዝዩ ዕቱብ ክኸውን ኣለዎ።

እዚ መሰል ፍጹም እዩ። እዚ ማለት ኮነ ኢልካ ይኹን ወይ ብዘይፍላጥ ብዘየገድስ – ብህዝባዊ ሰበ–ስልጣን (ወይ "ህዝባዊ ዕዮ" ዝዓዪ ኣካል) ብዘይሰብኣዉን ሕሱርን ኣታሓሕዛ ክትሓዝ ፈጺሙ ሕጊ ዘፍቕዶ ኣይኮነን።

## ጉዳይ መጽናዕቲ፡- ናይ *Lola* ታሪኽ

Lolaዕቑባ ዝተነጸገት ነብሰጾር ሰበይቲ እያ ነይራ። ብመንግስቲ ኣብዝተዳለወ መሕደሪ ትነብር ነይራ ከምኡ’ዉን ኣብ ሆስፒታል ኣብ እትወልደሉ ዝነበረት ግዜ 'ደገፍ ናይ ምቁራጽ መጠንቀቕታ' ተዋህባ። ንጽል ወላዲት ኮይና፣ እዚ ድማ ካልኣይ ውላዳ እዩ ነይሩ።

እቲ ናይ መጠንቀቕታ ግዜ ገና ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ ብምብቕዑ፣ ናብ ቤታ ኣብ እትምለሰሉን እዋን፣ ንሳን ደቃን ካብ መንበሪ ገዝኦም ክወጹ ነይርዎም። Lola ካብ ሓደ ናይ ከባብያዊ ግብረ–ሰናይ እተወሰነ ደገፍ ረኺበት፣ ንሱ ነቲ ኣቕራቢ ኣባይቲ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ነዞም ስድራ ቤት እዚኦም ምስጓጉ ብዘይሰብኣዉን ሕሱርን ኣታሓሕዛ ንኸይትሓዙ (ዓንቐጽ 3) ዝብል መሰሎም ከም ዝግህስ ነገሮ። እቲ ግብረ–ሰናይ ናብቲ ኣቕራቢ ኣባይቲኣብ ትሕቲ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ዘለዎም ግዴታ ብምግላጽ ከምኡ’ዉን Lola ግቡእ ገዛ ንምርካብ ዝያዳ ግዜ ንኽዉሃባ ነቲ ናይ መጠንቐቕታ ግዜ ክናዋሕ ዝሓትት ደብዳቤ ለኣኸ።

እቲ ኣቕራቢ ንLola ከምኡ’ዉን ነቶም ግብረ–ሰናይ ደገፍ ነታ ስድራቤት ንምሕታት (ክፍሊ 4) ግዜ ብምሃብ፣ ኩነታት ናይቲምልክታ ከተዓራሪ ወሰነ። እቲ መመልከቻ ዕዉት ብምንባሩ ነታ ስድራቤት መንበሪ ተወሃባ።

ኣብዚ ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም።

# ዓንቀጽ 8፡- መሰል ንብሕታዉን ስድራ ቤታዊ ሂወት፣ ገዛ ከምኡ'ዉን ምልውዋጥ ሓሳብ

መሰልንብሕታዉን ስድራ ቤታዊ ሂወት፣ ገዛ ከምኡ'ዉን ስምምዕ ኣብ ዓንቀጽ 8 ብሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ዝተሓለወ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ክፋል ናይዚ መሰል ብዙሓት ዝተፈላለዩ ነገራት የዕቊብ።

**Tመሰልንብሕታዊ ሂይወት ነዞም ዝስዕቡ የዕቊብ፦**

- ጸጋ-ጥዕና (ኣእምሮኣዊ ወይ ኣካላዊ ጥዕና)
- ርእሰ-ምሕደራ (ንሰባት ኣብ ናይ ገዛእ ኣካላቶምን ህይወቶምን ዝግበር ውሳኔታት ምጽንባር)
- ተሳታፍነት ኣብ ማሕበረሰብ
- ርክባት ምስ ካልኦት
- ምስጢራዉነት

**መሰልንናይ ስድራቤት ሂወት ነዞም ዝስዕቡ የዕቊብ፦**

- ምምስራት ስድራቤታዊ ርክባት
- ምስ ዝፈላለዩ ቆጸሊ ርክብ ምፍጣር

**Tመሰልንቤት ነዞም ዝስዕቡየዕቊብ፦**

- ነቲ ኣብዚ እዋን ገዛኻ ዘሎ ምስትምቓር። እዚ መሰል ንመንበሪ ኣይኮነን ግን ነቲ ኣብዚ እዋን ገዛኻ ዘሎ ንክተስተማቕር የዕቑበካ። ንኣብነት፣ እዚ መሰል ብዘይ ፍቓድካ ዝኾነ ፖሊስ፣ ወይ ካልእ ህዝባዊ ኣገልግሎት ናብ ቤትካ ንኸይኣቱ የዕቊብ።

**መሰልምልውዋጥ ሓሳብ ነዞም ዝስዕቡ የዕቊብ፦**

- ምስ ካልኦት ብዘይ ሳንሱር ምዝርራብ
- ደብዳበታትን ዘመናዊ መራኸቢታትን (ናይ ሞባይል መልእኽቲ፣ ኢ-መይል፣ ተሌፎን)

**ፐእዚ መሰል እዚ ዘይፍጹም እዩ፣ እዚ ማለት ዝኾነ ዝግበሩ ቀይድታት ንሕጋዊ፣ ርትዓዊ ከምኡ'ዉን ተመጣጣኒ ፈተና ከማልእዎ ኣለዎም ማለት ኢዩ።**

ሕጋዊ፦ ንህዝባዉያን ሰበ ስልጣናት ነቲ ስጉምቲ ወይ ውሳነ ከተግብሩ ዝፈቅድ ሕጊ ኣሎ

ርትዓዊ፦ ብቑዕ ምኽንያት ኣሎ (ንኣብነት ህዝባዊ ዉሕስነት ወይ መሰላት ናይ ካልኦት ሰባት)።

ተመጣጣኒ፦ ብዛዕባ ክገብርዎ ዝኽእሉ ካልኦት ነገራት ሓሲቦም እኳ እንተ ኾኑ፣ ግን ነቲ ዝተጨነቐ ሰብ ወይ ንካልኦት ሰባት ከዕቅቡሉ ዝኽእሉ ካልእ መገዲ የለን። እዚ ናይ መወዳእታ ቐያዲ ኣማራጺ ክኸውን ኣለዎ።

## ጒዳይ መጽናዕቲ፦ ናይ *Homa* ታሪኽ

Homaኣብ ደቡብ London ይነብር ነይሩ። ብሰንኪ ኣብቲ ኣብ ሃገሩ ዘጋጠሞ ግፍዒ ናብ እንግሊዝ ድሕሪ ምህዳሙ፣ ኣብ መስርሕ ምሕታት ዕቑባ ነበረ። Homa ካብቲ ዘምለጠሉ ግፍዒ ድሕሪ ዘሰምብድ ፍጻሜ ዘጋጥም ጭንቐት ከዋህልል ገበሮ፣ ከምኡ'ዉን ናብ ናይ ሕክምና ቈጸራታቱን ናብ ካልእ ናይ ደገፍ ኣገልግሎታትን ንምርካብ ናብ ሰሜን London ክኸይድ ነይሩዎ። Homa ብዛዕባ እቲ ዝጽበዮ ዝነበረ መመልከቻ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረቦ ሕቶ፣ ከምኡውንናብታ መስጐጉትን ግፍዕን ከጋጥሞ ዝኾነ ዓዱ ንኽምለስ ዝለዎ ዕድል ኣዝዩ ተጨኒቑ ነበረ።

ብሰንኪ እቲ ድሕሪ ዘሰምብድ ፍጻሜ ዝኽሰት ናይ ውጥረት ሕማሙ፣ Homa ኣብ ኣውቶቡስ ንልዕሊ 10 ደቒቕ ክጸንሕ ከሎ ናይ ራዕዲ መጥቓዕቲ የጋጥሞ ነበረ። ካብ ኣውቶቡስ ወሪዱ ነብሱ ኣህዲኡ ቆጺላ እትመጽእ ኣውቶቡስ ክጽበ ነበሮ። ሓደሓደ ግዜ ናብቲ ዘድልዮ ቦታ ንኽበጽሕ ሓያሎ ሰዓታት ይወስደሉ ነይሩ ከምኡ'ዉን ንብዙሕ ናይ ኣውቶቡስ ጉዕዞታት ክኸፍል ስለ ዝነበሮ ነቲ እተዋህቦ ድሩት ሓገዝ ናይ ገንዘብ መጥፍኢ ኮይንዎ ነበረ። ናይ Homa ናይ ጉዳይ ሰራሕተኛ፣ ሊን፣ እዞም ነዋሕቲ ጉዕዞታት ምስቲ ዝነበሮ ናይ ኩነታት ኣእምሮ ጥዕና ዝተሓሓዝ ሙዃኑን፣ ኣብ ጸጋ ናይ ጥዕንኡ ዓብዪ ጽልዋ ከም ዘለዎ ተገንዘበት።

ሊን ናብ ከባብያዊ ቤት-ምኽሪ ናብ ሽግር ዘለዉ ሰባት ናይ ኣውቶቡስ ነጻ ጉዕዞ ንምሃብ ሓላፍነት ዝነበሮም ብምጽሓፍ፣ ከምኡ'ዉን ናይ Homa መሰል ንብሕታዊ ሂይወት (ዓንቀጽ 8) ብምልዓል፣ ከምኡውን ብንጹር እዚ ናይ ሰባት መሰል ንስነ-ኣእምሮኣዊ ንጽህና ብኸመይ ከም ዘዕቁቦ ገለጸት። እቲ ናይ ከባብያዊ ቤት-ምኽሪ እቲ ጽንኩር ጽልዋ ኣብ ኩነታት ጥዕና ናይ Homa ምስቲ ናይ መሰል ንብሕታዊ ህይወቱ የተዓናቕፍ ከም ዘሎ፣ ከምኡ'ዉን ነዚ ጽልዋ ክንክዩ ክገብርዎ ዘለዎም ተመጣጣኒ ስጉምቲ ከምዘሎ ተሰማምዑ። Homaብናይ ገዛእ ርእሱ ቕልጣፈ ናብ ቈጸራኡ ንኽጉዓዝን ዘድልዮ ሕክምና ንክረክብን ናይ ኣውቶቡስ ነጻ ናይ መጎዓዚ ፍቓድ ተዋህቦ።

<u>ኣብዚ ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም።</u>

# ዓንቀጽ 14፡- መሰል ካብ ኣድልዎ ናጻ ናይ ምኳን

ዚ ካብ ኣድልዎ ናጻ ንሙኻን ንበይኑ ደዉ ዝበለመሰል ኣይኰነን። ኣብ ኣዋጅሰብኣዊ መሰላት ዘሎ ካልኦት መሰላትካ ኣብ እትምርኮሰሉ እዋንኣድልዎ ንኸይግበረልካ ዝሕሉ መሰል እዩ። ሓደሓደ ግዜ ካብ ኣድልዎ ናጻ ናይ ምኳን መሰል 'ምሕንጋር' ተባሂሉ ይጽዋዕ ኢዩ። እዚ ማለት ሓደ ካብቶም ካልኦት መሰላትካ ኣብ ሓደጋ ክኣቱ ከሎ፣ እቲ ጉዳይ ንሱኰይኑ እንተ ተሰሚዑካ ኣድልዎ ናይ ዘይምግባር መሰልካ ከተልዕል ትኽእል ኢኻ።

## ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላትን ኣዋጅ ማዕርነትን

ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት፣ ዘይከም ካልኦት ናይ ኣድልዎ ሕግታት ከም ሕጊ ማዕርነት፣ ገደብ ዘይብሉ እዩ። እዚ ማለት ድማ ካብ ካልኦት ሕግታት ንላዕሊ ናብ ዝሰፍሐ እተፈላለየ ኩነታት ክውዕል ይኽእል ኢዩ። ኣዋጅ ማዕርነትንኣድልዎ ኣብ 9 ባይታታት፣ ዝተዓቐቡ መለለዩ ጠባይ ተባሂሎም ዝፍለጡ፣ ጥራይ እዩ ዝኽልክል። እዚኦም ኽኣ ዕድመ፣ ስንክልና፣ ዳግመ-ምደባጾታ፣ መርዓን ሲቨላዊ ሕብረትን፣ ጥንሲን ኣደነትን፣ ዓሌት፣ ሃይማኖት ወይ እምነት፣ ጾታዊ ርክብንጾታዊ ኣረኣእያን እዮም።

ኣዋጅ ሰብኣዊመሰላት ዝርዝራት ናይ ምኽንያታት ብምግላጽ ኣብ ልዕሌኻ ክበጽሕ ዝኽእል ኣድልዎ ዘይሕጋዊ ይገብሮ፣ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል ጾታ፣ ዓሌት፣ ሕብሪ፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ፖለቲካዊ ወይ ካልእ ኣረኣእያ፣ ሃገራዊ ወይ ማሕበራዊ መበቈል፣ ምትሕብባር ምስ ታሕተዎት ደረጃ ዘለዎም ዜጋዉያን፣ ንብረት ወይ ውልደት። ቐጺሉ 'ወይ ካልኦት ኩነታት' ሰለ ዝብል ገደብ ዘይብሉ ይገብሮ፣ ቤት-ፍርድታት ዝወሰንዎ ዕድመ፣ መለለዩ ጾታ፣ ጾታዊ ኣረኣእያ፣ ጥዕናን ስንክልናን፣ ናይ ወለድን መርዓን ኩነታት ከምኡ'ዉን ኩነታት ስደተኛ ዘጠቓልል እዩ። ብተወሳኺ እዚ ተመክሮ ኣብ ኣድልዎ ንድምር ምኽንያታት - ከም ንእሽተይ፣ ጾሊም፣ ስንኩልብሙኻንካ ዘጋጥሙ ዘጠቓልል ኢዩ። ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ነዚ መሰል ንምኽባርን ንምሕላውን ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ትካላት ሕጋዊ ግዴታ የንብረሎም፣ ሕጊ ማዕርነት ግን ናብ ህዝባዉያን ናይ ዉልቒ ትካላትን፣ እንተላይ ድኳናትን ኣብያተ-ምግብን፣ ዝውዕል ኢዩ።

እዚ መሰል ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ክትጥቀም ከለኻ ከም ኵሉ ሰብ ማዕረ ኣተሓሕዛ ክህልወካ ኣለዎ ማለት እዩ። እዚ ማለት ድማ፦

ካብ ካልኦት ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ዘለዉ ሰባት ብሰንኪ ዓሌትካ፣ ዕድሜኻ፣ ሃይማኖትካ፣ መንነት ናይ ጾታኻ፣ ኩነታት ስደተኛታትካ ወዘተ ዝኸፍኧ ኣተሓሕዛ ክህልወካ የብሉን።

ካብ ካልኦት ኣብ ኣዝዩ እተፈልየ ኩነታት ከለኻ፣ ንኣብነት ተርጓሚ ኣብ ዘድለየካ እዋን ተርጓሚ ዘይምቕራብ፣ እተፈልየ ኣተሓሕዛ ክግበረልካ የብሉን።

## ጕዳይ መጽናዕቲ፦ ናይ Celine ታሪኽ

Celine ኣብ Essex ትነብር ዝነበረት ከምኡ'ዉን ናይ ስደተኛ መንበሪ ተቐበለት። ንእተወሰነሰሙናት ናብ ሆስፒታል ክትከይድ ነበራ።

Celine ንእተወሰነእዋን ቛንቛ እንግሊዝኛ ትምሃር ነበረት፣ ይኹን እምበር ብፍላይ ምስ ሓካይምእተሓላለኸ ናይ ሕክምና ቛንቓ ስለ ዝጥቀሙ፣ብእንግሊዝኛ ክትዛራረቦም ምቹእነት ይስምዓ ኣይነበረን።ሓደ ሓኪም ናይቲ ዝገበረቶ እተፈላለየምርመራታት ውጽኢት ክነግራ መጾ። Celine ነቲ ዝነገራ ኣይተረድኣቶን። ተርጓሚት ክቐርበላ እኳ እንተ ሓተተት ግን እንግሊዝኛኣ እኹል ከም ዝኾነን ከም ዘየድልያን ተነግራ።

መሓዛ Celine ኣብ ሆስፒታል ክትበጽሓ ምስ መጸት ናይ ሰብኣዊ መሰላታ ክትጥቀመሉ ከም እትኽእል ነገረታ። ንሳተን ነቶም ናይቲ ሆስፒታል ሰራሕተኛታት እዚ ንሳ እትወስዶ ዝነበረት ሕክምና ብዘይ ተርጓሚ ብግቡእ ክትርድኦን ክትዛረብን ስለ ዘይትክእል እዚ ንናይ Celine ጸጋ ጥዕናን ርእሰ-ምሕደራን መሰላት (ክፋል ናይ መሰል ንብሕታዉን ስድራ ቤታዊ ሂወትን) ይጸልዎ ከም ዘሎን እዚ ኸኣ ኣድልዎ ምዃኑ ነገርኦም። እቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ ሆስፒታል ፖሊሲ ይኽተሉ ከም ዝነበሩን፣ ነቲ ሆስፒታል ብዙሕ ገንዘብ ስለ ዝሓቶም ኣዝዩ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ጥራይ ተርጐምቲ ክጥቀሙ ከም ዘለዎም ዝገልጽ እዩ።

መሓዛኣ ንCeline እዚ ፖሊሲ እዚ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ 8 ናይ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ዘለዎ ግዴታ ከም ዘይፈጸመ ከምኡ'ዉን ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ 14 እንግሊዝኛ ካልኣይ ቛንቛኦም ንዝኾኑ ሰባት ብዘይፍትሓዊ መንገዲ ናብ ኣድልዎ ከም ዝመርሕን ዝገልጽ ደብዳበ ናብ ኣገልግሎት ምኽሪ ሕሙማትን ምትእስሳርን ክትጽሕፍ ሓገዘታ።
እቲ ሆስፒታል በዚ ተሰማሚዑ ከምኡ'ዉን ነቶም ቛንቋ እንግሊዘኛ ናይ መጀመርታ ቛንቛኦም ዘይኮነ ተርጓሚ ወትሩ ከም ዝረኽቡ ከም ዘኽእሎም ገይሩ ፖሊሲኡ ቐየሮ።

<u>ኣብዚ ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም።</u>

# ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምጥባቕ – ደብዳበ ምጽሓፍ

ብቛንቋ ሰብኣዊ መሰላት ተጠቂምካ ምስ ዝምልከቶ ህዝባዊ ሰበ-ስልጣን ጉዳይ ምስ እተልዕል ከምኡ'ዉን ብዘይወግዓዊ መገዲ ክትፈትሖ እንተ ዘይክኢልካ፣ ደብዳበ ክትጽሕፍ ክትሓስብ ትኽእል ኢኻ።

ብፍላይ እቲ ማሕበር ከም ግብረ-መልሲ ደብዳበ ክጽሕፈልካ ስለ ዘለዎ፣ እዚ ብዙሕ ጥቕምታት ኣለዎ። ደብዳበ ነቲ ኩነታት ክትገልጾ፣ ነቲ ዝደለኻዮ ውጽኢት ከተለልዮ ከምኡውን ናይቲ ኩነታት መዝገብ ንክትሕዝ መንገዲ ይህበካ።

## ምኽርታት ደብዳበ ኣብ ምጽሓፍ

- ነቶም ሓቅታት ዘርዝሮም። ነቲ ኩነታት ንምግላጽ እኹል ዝርዝር ሓበሬታ ክትህብ ኣለካ እንተኾነ ግን ነቶም እትጽሕፈሎም ዘለኻ ሰባት ክሳብ ከደናግሮም ዝኽእል ክኸዉን የብሉን። ካብ 1 ገጽ ዘይበዝሕ ክትገብሮ ፈትን።
- ነየናይ መሰል ኣብ ምዕቓብ ወይ ምኽባር ጉድለት ይገብሩ ከም ዘለዉ ብንጹር ግለጽ። ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝሓሰብካ ንገሮም።
- ንስኻ እንታይ ክገብሩ ነይርዎም ኢልካ ከም እትሓስብ ግለጸሎም፣ ከምኡ'ዉን ሕጂ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም ኢልካ ከም እትሓስብ ንገሮም።
- ንጹር፣ ምእዙዝ ኩን፣ ከምኡ'ዉን መልሲ ከም እትጽበ ሓብር።
- ጉዳይካ ንዘይፈልጦ ሰብ ክርድኦ ከም ዝኽእል ምእንቲ ከተረጋግጽ ካልእ ሰብ ከም ዘንብቦ ግበር።

HUMAN RIGHTS
room to heal

# 1) ናይ ውልቀ-ሰብ ኣብነታዊ ደብዳበ

ስምካ
25 Example Street
L17UX
ኣድራሻ ኢሜል/ቑጽሪ

ስለምንታይ ትጽሕፈሎም ከም ዘለኻ ንኽፈልጡ መንነትካን ምስቲ ዋዕላ ዘሎካ ርክብን ግለጽ።

ዝኸበርኪ Mrs Bloggs፣

ስመይ Mrs X ይበሃል ከምኡ'ዉን ኣብ 25 ኣብነታዊ ጎደና፣ L17UX፣ ናይ ኣከባብያዊ ሰበስልጣን ንብረት ይቕመጥ1። ብዛዕባ እቲ ኣብ ኣፍ ደገ ገዛይ ዘሎ ናይ መብራህቲ ሽግር እጽሕፍ ኣለኹ። እቲ መብራህቲ ካብ ዝስበር ሕጂ 3 ወርሒ ሓሊፉ ኣሎ፣ እዚ ማለት በቲ ናብ መዓጸይ ዝወስድ መንገዲ ሓሊፈ ብጸልማት ማዕጾይ ክኸፍት ኣለኒ ማለት እዩ። እዚ ብዙሕ ጭንቐት ክፈጥረለይ ጸኒሑ ከምኡ'ዉን ምስ ጸልመተ ካብ ገዛይ ምውጻእ ወይ ናብ ቤተይ ምምላስ የፍርሓኒ እዩ። እዚ ብፍላይ ኣብ ቈራሪ ኣዋርሕ፣ ኣብ ሂወተይ ዓብዪ ጽልዋ ይገብረለይ ኣሎ። ነዚ ጉዳይ እዚ ምስ ሓለቓ ገዛይ ብተደጋጋሚ ግዜ ኣልዕለዮ እየከምኡ'ዉን እዚ ኣብ ኣእምሮኣዊ ጥዕናይ ዝፈጥሮ ዘሎ ጽልዋ እንተላይናይ ራዕዲ ግብረ-መልሲ ገሊጸዮ እየ። ብተወሳኺ እዉን ካብስቓይ ዝወጻኹ ብሙኻነይ እቲ ጽልዋ ኣዝዩ ዓቢ ሙዃኑ ገሊጸሉ እየ። ይኹን እምበር፣ እቲ መብራህቲ ገና ኣይተዓረየን።

ድሕረ ባይታን እንታይ ከም ዘጋጠመን ግለጽ። ነቲ ኣባኻ ዘሕደሮ ጽልዋ ኣፋልጦ።

ከም ክፍሊ ኣባይቲ ናይ ከባብያዊ ብዓል ስልጣን፣ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት መሰላተይ ናይ ምኽባርን ናይ ምሕላውን ሕጋዊ ግዴታ ኣለካ።3 እዚ ጉዳይ ናይ መብራህቲ ንሓያሎ ኣዋርሕ ክቕጽል ብምጽንሑ ከምኡ'ዉንኣብ ኣእምሮኣዊ ጥዕናይ ወሳኒ ዝኾነ ጽልዋ የሕድር ምህላዉ እንተላይ ናብ ራዕዲ ግብረመልሲ፣ ብፍላይ ካብ ስቓይ ዝደሓንኩ ብሙዃነይ ኣብ ግምት ብምእታው፣ እዚ ናብ ዘይሰብኣዊን ሕሱርን ደረጃ ኣተሓሕዛ (ኣብዓንቀጽ 3 ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት) ክበጽሕ ትኽእሎ ኣለዎ። ኣብዚ ጉዳይ እዚ ስጉምቲ ክዉሰድ ብዘይምኽኣሉ ምስ ናይ ኣካላውን ኣእምሮኣውንዉሕስነተይ ምትዕንቓፋት የምጽእ ኣሎ፣ እዚ ድማ ኣብ ትሕቲ መሰል ንብሕታውን ስድራቤታውን ናብራ ንኽኽብር ዘለኒ መሰል ዝዕቐብ እዩ (ዓንቀጽ 8)። ካብ ኣማኻሪይ፣ ዶ/ር Jacobs፣ ብዛዕባ ኣብ ናይ ኣእምሮኣዊ ጥዕናይ ዘሕድሮ ጽልዋ ትገልጽ ደብዳበ ኣታሓሒዘያ ኣለኹ።

ኣብ ትሕቲ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ግዴታ ከም ዘለዎም ግለጽ።

የኣየናይ መሰል (ላት) ከም እተጸልወን ስለምንታይ ከምኡ ኸም ዝገበረን ግለጽ። ፈለማ ኣብ ፍጹማን መሰላት ኣተኩር፣ ድሕሪኡ ኣብ ዘይፍጹማን መሰላት። እዚ ብፍላይ ኣባኻ ዘለዎ ጽልዋ ንምግላጽ ንምክፋሉ ዝፎኽሰካ ብሕታዊ ዝርዝራት ክትውስኸሉ ትኽእል ኢኻ። እዚ ንኣብነት ምስ ኣእምሮኣዊ ጥዕናኻ፣ ምስ ናይ ቀደም ተመክሮታትካ ወይ ምስ ኩነታት ስድራ ቤትካ እተተሓሓዘ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንጉዳይካ ዝድግፍ ዝኾነ ይኹን መርትዖ እውን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ፣ ንኣብነት ደብዳቤ ካብ ሓካይም ወይ ደገፍ ሰራሕተኛታት።

ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ዝኾነ ዓይነት ቐይድታት ናይ ፍጹማን መሰላት፣ ከም ካብ ዘይሰብኣዉን ሕሱርን ኣተሓሕዛ ናጻ ናይ ምኳን መሰል ዝኣመሰለ ፈጺሙ ብሕጊ ዝተፈቐደ ኣይኮነን ማለት ኢዩ። ስለዚ፣ ብቐጥታ መብራህቲ ንምዕራይ ስጉምቲ ክዉሰድ ኣለዎ፣ እዚ ድማ ኣነ ናብ ገዛይ ኣብ ዝምለሰሉ እዋን ዉሕስነት ከም ዝስምዓኒ ከምኡውን ካብ ናይ ዘይሰብኣዉን ትሑትን ኣተሓሕዛ ነጻ ከምዝኾንኩ ምርግጋጽ እዩ። ዝኾነ ቐይድታት ኣብ ፍጹም ዘይኮነ መሰላት ከም መሰል ንጸጋ ጥዕና ኣብ ትሕቲ ብሕታውን ስድራቤታውን ናብራ ሕጋዊ፣ ርትዓዊ ከምኡ'ዉን ተመጣጣኒ ክኸውን ኣለዎ። ነቲ ኣብ ኣፍደገ ገዛይ ዘሎ መብራህቲ ዘይምዕራይ ተመጣጣኒ እዩ ኢለ ኣይምንን እየ፣ ነዚ መሰል ንምቕያድ፣ ከም ህዝባዊ ዉሕስነት ወይ መሰላት ካልኦት ሰባት ምሕላው ዝኣመሰሉ ዝኾነ ብቑዕ ምኽንያት የለን። እዚ ኹነታት እዚ ኣብ ልዕለይን ኣብ ልዕሊ መሰላተይን ዘዉርዶ ዘሎ ጽልዋ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ዝተወሳኺ መብራህተይ ክዕረ ልዕሊ 3 ወርሒ ምጽባየይ ተመጣጣኒ ኣይኰነን። ስለዚ፣ እቲ ኣብ ኣፍደገ ገዛይ ዘሎ መብራህቲ ብህጹጽ ክዕረ ክሓትት ይደሊ።

ነዚ ጉዳይ እዚ ንምፍታሕ እንታይ ክግበር ከም እትደሊ ግለጽ።

ኣብዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙን ደብዳበይ ክትምሉሱለይ ምስ እትኽእሉብጣዕሚ መመስገንኩኹም6፣ ነዚ ጉዳይ እዚ ብሰላም ክንፈትሖ ኸም እንኽእል ርግጸኛ እየ።

ንዝቕጽል ስጉምትታት ዝኸውን ምቹእ ግዜ መድብ።

ብኽብረት፣
ስምካ

# 2) ናይ ውልቀ-ሰብ ኣብነት ደብዳበ/ኢ-መይል

ስለምንታይ ትጽሕፈሎም ከም ዘለኻ ምእንቲ ክፈልጡ መንነትካን ምስ ጕጅለ ኣባይቲ ዘሎካ ርክብን ግለጾም።

ዝኸበርኪ Mrs Smith፣

ስስመይ Mrs Y ይብሃል ከምኡ'ዉን ኣብ ናይ ስደተኛታት መንበሪ ኣብ 25 ናይ ኣብነት ጎደና፣ L17UX7 ይነብር። ብዛዕባ ኣብዚ ቐረባ እዋን ዝተቐበልክዋ ደብዳቤ ብ17 ማርች 2022 ክግዕዝ ምኳነይ ከምኡ'ዉን ሓድሽ ኣድራሻይ ኣብታ ሃገር ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ክኸውን ከም ዝኽእልን እትገልጽ እጽሕፍ ኣለኹ። እዚ ብዙሕ ጭንቀት ኣምጺኡለይ እዩ። ድሕሪ ብሰንኪ ናይ ጾታዊ ኣራኣእያይ ካብ ዝወረደኒ ግፍዒ ምህዳመይ ኣብ እንግሊዝ ከም ደላዩ ዕቑባ ኰይነ፣ ኣብዚ ሕጂ ዘለኹዋ ከተማ ን2 ዓመት ነቢረ። ኣብዚ ንኣእምሮኣውን ስምዒታውን ጥዕናይ ኣድላዪ ዝኾነ ሰፊሕ ናይ ደገፍ መራኸቢ ሃኒጸ ኢየ፣ እንተላይ ንጡፍ ኣባል ናይቲ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ናይ ማሕበር ደገፍ ማሕበር LGBT እየ። ብተወሳኺ ካብቲ ኸባቢ እንተ ወጺኣ ዝቋረጽ ናይ ክኢላ ሕክምና ይወስድ ኣለኹ።

ድሕረ ባይታኡን እንታይ ከም ዝኾነን ግለጽ። ነቲ ኣባኻ ዜሕድሮ ጽልዋ ኣፋልጦ።

ፖሊሲኹም ዘይንቡር ኩነታት ክሳብ ዘይኮኑ መሕደሪ ብዘይ ምርጫ ከም ዝዉሃብ ተረዲኡኒ ኣሎ። እቲ Home Office ናይ መንበሪ ምደባ ፖሊሲ ንነፍሲ ወከፍ ሕቶ በብደረጃኡ ክትሓስበሉ ይሓትት ከምኡ'ዉን "ነቲ እተወሃበ መሕደሪ ኣብ ሓደ ዉሱን ቦታ ዘይምስምማዕ ምስ ዝዉሰን፣ ምኽንያታት ክወሃቡ ኣለዎ ከምኡ'ዉን እቲ ውሳነ ምስቲ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት (ገጽ 5) ዘሎ ግዴታታት Home Office ዝሰማማዕ ክኸውን ኣለዎ"።

ዝከኣል እንተ ኾይኑ፣ ንጕዳይካ ዝድግፍ መወከሲ ፖሊሲ ወይ ሕግታት ድለ። ሕግታት ብእተኻእለ መጠን ንሰብኣዊ መሰላት ብዚድግፍ መገዲ ክትርጐም ከም ዘለዎ ግለጽ።

ከም ኣቕራቢ ኣባይቲ ብHome Office ዝተመዘ፣ ምስቲ ኣብ ትሕቲ ኣዋጅ ሰብኣዊ መሰላት ዘሎ ሕጋዊ ግዴታ መሰላተይ ንምኽባርን ንምሕላውን ክትክተል ኣለካ።

ኣብ ትሕቲ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ሓላፍነት ከም ዘለዎም ግለጽ። ማሕበር ኣባይቲ ናይ ብሕቲ ኩባንያ ክኸውን ዝኽእል እኳ እንተኾነ፣ እቲ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ግዴታ ግን ብHome Office ውሽጣዊ ጕዳያት (ህዝባዊ ኣካል) ውዕል ስለ እተገብረ ኢዩ ተግባራዊ ዝኸውን።

ሕክምናዊ ክንክነይ ምኹላፍ ኣብ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥዕናይ ዓብዪ ጽልዋ ክህልዎ እዩ፣ ደረጃ ዘይሰብኣዉን ሕሱርን ኣተሓሕዛ (ብዓንቀጽ 3 ኣብ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ዝተኸልከለ)፣ ብፍላይ ከኣ ናይ ክንክነይ ፍሉይይ ባህሪ ኣብ ግምት ምስ እነእቱ፣ ክበጽሕ ዝኽእል እዩ። ብተወሳኺ ኣካላዊ፣ ኣእምሮኣዊ ከምኡ'ዉን ስምዒታዊ ዉሕስነተይ ብዘለኒ መሰል ንብሕቲ ናብራን ስድራ ቤታዊ ሂወት ዝተሓለወ እዩ (ዓንቀጽ 8)። ብፍላይ ከምቲ ቕድሚ ሕጂ ብሰንኪ ጾታዊ ኣተሓሳስባይ መስጐጒቲ ኣጋጢሙኒ ብምንባሩ፣ ካብ ናይ ደገፍ ስርዓተይ ከምኡ'ዉን ካብ ናይ ማሕበረሰብ ጕጅለይ LGBT ምርሓቐይ ምስ መሰል ንብሕቲ ሂይወተይ ዘተዓናቕፍ እዩ። ካብ መራሒ ናይቲ ጕጅለ ማሕበረሰብ ብዛዕባ እቲ ዝገበሩለይ ደገፍ እትገልጽ ደብዳበ ኣተሓሒዘ ኣለኹ።

ኣየናይ መሰል (ላት) ከም እተጸልወን ስለምንታይ ከምኡ ኸም ዝገበረን ግለጽ። ፈለማ ኣብ ፍጹማን መሰላት ኣተኩር፣ ድሕሪኡ ኣብ ዘይፍጹማን መሰላት። እዚ ብፍላይ ኣባኻ ዘለዎ ጽልዋ ንምግላጽ ንምክፋሉ ዝፎኽሰካ ብሕታዊ ዝርዝራት ክትውስኽሉ ትኽእል ኢኻ። እዚ ንኣብነት ምስ ኣእምሮኣዊ ጥዕናኻ፣ ምስ ናይ ቀደም ተመክሮታትካ ወይ ምስ ኩነታት ስድራ ቤትካ እተተሓሓዘ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንጕዳይካ ዝድግፍ ዝኾነ ይኹን መርትዖ እውን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ፣ ንኣብነት ደብዳቤ ካብ ሓካይም ወይ ደገፍ ሰራሕተኛታት።

ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ዝኾነ ዓይነት ቐይድታት ናይ ፍጹማን መሰላት፣ ከም ካብ ዘይሰብኣዉን ሕሱርን ኣተሓሕዛ ናጻ ናይ ምኳን መሰል ዝኣመሰለ፣ ፈጺሙ ብሕጊ ዝተፈቐደ ኣይኮነን ማለት ኢዩ። ስለዚ፣ ግቡእሕክምና ንኽይረክብ ናብ ከቋርጸኒ ወይክዓግተኒ ዝኽእልሓድሽ ቦታ ክግዕዝ የብለይን። ዝኾኑ ቐይድታት ናይ ፍጹም ዘይኮነ መሰል፣ ከም መሰል ንብሕታዊ ሒወት ከምኡ'ዉን ስድራቤታዊ ሂወት ዝኣመሰሉ፣ ሕጋዊ፣ ርትዓዉን ተመጣጣንን ክኸውን ኣለዎ። ንዓይ ካብቲ ዘለኹዎ ቦታ ንምግዓዝ ዝተወሰደ ዉሳኔርትዓዊ እዩ ኢለ ኣይኣምንን እየ፣ ምኽንያቱ ንክግዕዝ ዘገድድ ምኽንያት የለን። ካልእ ኣማራጺታት ኣብ ግምት ከም ዘእተኹም ስለ ዘይገለጽኩም፣ ተመጣጣኒ እዩ ኢለ እዉን ኣይኣምንን እየ።ስለዚ፣ እቲ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ እተሓሰቡ መደባት ብህጹጽ ክስረዝ እሓትት።

ነዚ ጕዳይ እዚ ንምፍታሕ እንታይ ክግበር ከም እትደሊ ግለጽ።

እቲ ምግዓዝ ኣብ ሓጺር እዋን ንክካየድ ገይርካ ዝተመደበ ምስ ዝኸዉን፣ ደብዳበይ ብ15 ማርች 2022 ሰዓት 4 pm ምላሽ ክትህቡላ እንተ ትኽእሉ ከመስግነኩም እየ።

ንዝቕጽል ስጕምትታት ዝኸውን ምቹእ ግዜ መድብ።

ብኽብረት፣
ስምካ

## መልሲ ምስ እትረክብ ቀጺልካ እትገብሮ

እቲ መልሲ ሓጋዚ ምስ ዝኸዉን ከምኡ'ዉን እቲ ብዓል ስልጣን ነቲ ኩነታት ብኸመይ ክፈትሖ ከም ዝኽእል ምሳኻ ብሓባር ብሙኻን ክመያየጥ ምስ ዝደሊ ምስኣቶም ተራኺብካ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ተወሳኺ ምይይጥ ክትገብር ሕተቶም። እዚ ኣኼባ እዚ ግድን ብኣካል ክኸውን ኣየድልን እዩ፣ ተሌፎን እውን ክኸውን ይኽእል እዩ፦

- ብዛዕባእቶም ኣኼባታት እንተላይ ዝኾነ ክንገብሮ ኢና ዝበሉ፣ ጽቡቕ መዘኻኸሪ ክትጽሕፍ ከም ዘለካ ኣይትረስዕ።
- ንዉሓት ናይ ግዜ ሓቲትካ ጽሓፎ።
- ነቲ ዝሓተትካዮ መአረምታ ምስ ዘይገብርዎ፣ ወይ ከኣ ኣብቲ እተሰማምዑሉ ግዜ ምስ ዘየተግብርዎ፣ እንደገና ክትረኽቦም ሕተቶም። ጥርዓንካ ቀልጢፉ ምስ ዘይፍታሕ ኣጠናኺርካ ክትቕጽለሉ ኸም እትኽእል ንገሮም።
- ሕጉስ እንተ ዘይኰንካ ከምኡ'ዉን ንጥርዓንካ ኣርዚኖም ክርእይዎ ምስ ዘይክእሉ ወይ መሰላትካ ዕሽሽ ምባል እንተ ቐጺሎም፣ ዕለትን ትሕዝቶን ናይቲ ናይ ፈለማ ሕቶ ብምጥቃስ ካልእ ሕቶ ክትሓትት ኣለካ።

## መልሲ ምስ ዘይትረክብ ቀጺልካ እትገብሮ

ከከም ርዝነትን ህጹጽነትን ጉዳይካ፣ ኣብ ውሽጢ እተወሰነ እዋን መልሲ እንተ ዘይረኺብካ ደብዳበ ኣብ ኢዶም ምብጽሓ ንምርግጋጽተሌፎን ደዊልካ ክትሓትት ኣለካ።

እታ ደብዳበ ኣብ ኢዶም ምስ ዘይትበጽሕ፦

- እንደገና ስደዳ ከምኡ'ዉን ኣብ ውሽጢ እተወሰነ እዋን መልሲ ንኽዉሃበካ ጽኑዕ ሕቶ ኣቕርብ።
- እታ ደብዳበ ምስ በጽሐት ናይ ቕብሊት ኣፍልጦ ክትዉሃብ ከም እትደሊ ንገሮም

እታ ደብዳበ ተቐቢሎማ ግን ከኣ እቲ ዝምልከቶ ውልቀ-ሰብ መልሲ ንመዓስ ክትጽበ ከም ዘለካ ንጹር እንተ ዘይኰይኑ፣ ወይ ነቲ ጉዳይ ብዕቱብ ዘይርእዮ እንተ መሲሉ፦

- ቅዳሕ ደብዳበኻ ናብ ምምሕዳር ህዝባዊ ሰበ ስልጣን (ንኣብነት ነቲ ኣብ ውሽጢ ዋዕላ ዘሎ ሓለቓ ኣካያዲ ስራሕ ወይ ሓላፊ ኣገልግሎት) ለኣኽ።
- ብዛዕባ ናይ ፈለማ ደብዳበኻ ንጹር ኩን ከምኡ'ዉን እተላእከትላ ዕለትን ንመን ከም እተጻሕፈትን ግለጽ።
- ነቲ ኣካያዲ ስራሕ/ቀንዲ ፈጻሚ/ ሓለቓ ኣገልግሎት ነታ ናይ ፈለማ ደብዳበኻ መልሲ ከም ዘይረኸብካላ ንገሮ።
- ነታ ቀዳመይቲ ደብዳበ እተቐበለ ሰብ ብዛዕባ እቲ ዝወሰድካዮ ስጉምቲ ንኽትነግሮ ተወሳኺ ደብዳበ ክትልእከሉ ትኽእል ኢኻ። እዚ ከኣ ቐልጢፎም ክሰርሑ ከተባብዖም ይኽእል እዩ።

# ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምጥባቕ፦ መልስኻ ምጉላሕ

ምጉላሕ ንጣልቃምእታው እተፈላለየ መልክዕ ክሕዝ ይኽእል እዩ፦

- ኣብ ስዒባ እትልኣኽ ደብዳበ መጐተት ናይ ሰብኣዊ መሰላት ምድልዳል።
- ብዛዕባ እቲ መልሲ ንምምይያጥ ቅልጡፍ ኣኼባ ክግበር ምሕታት
- እቲ ጉዳይ እንተ ዘይተፈቲሑ ዝያዳ ረዚን ስጉምቲ ክትወስድ ከም እትግደድ ንዐኦም ምጥንቓቕ።
- ብቐጥታ ናብቲ ዝቕጽል ደረጃ ምምሕዳር ምጽሓፍ።
- መልሲ እንተ ዘይረኺብካ ከምኡ'ዉን እቲ ኩነታት ከይተፈትሐ ናብ ህዝባዊ ሰበ-ስልጣን ጥርዓንካ ምስ ተቕርብ፣ ናብ ሓደ ተሓላቒ ፍትሒ ክትከይድ ክትክእል ኢኻ። እዚ ንኹነታትካ ክርእዮ ዝኽእል ብርእሱ ዝመሓደር ሰብ እዩ። ኣብ ጥርዓን እተቕርቦ ዘለኻ ኣገልግሎት ምርኩስ ብምግባር እተፈላለዩ ተሓለቕቲ ፍትሒ ኣለዉ። ብዛዕባ ተሓለቕቲ ፍትሒ ኣብዚ ዝያዳ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።
- እቲ ኹነታት እንተ ዘይተፈቲሑ፣ ሕጋዊ ምኽሪ ክትሓትት ከድልየካ ይኽእል እዩ። ገለ ሕጋዊ ምኽርታት ብናጻ ክወሃብ ይከኣል እዩ። ኣብዚ ብናጻ ናይ ሕጋዊ ምኽሪ ክትረክብ ትኽእል እንተ ኼንካ ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ።
- ሓደ ጠበቓ ቕድሚ ተግባርካ እትጽሕፎ ናይ ፕሮቶኮል ደብዳበ ንኽትጽሕፍ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። እዚ ክሲ ቤት ፍርዲ ቕድሚ ምጅማሩ ዘይምርድዳእ ንምፍታሕ ዝሕግዝ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ፣ ኣብ ውሽጢ እተወሰነ ግዜ መልሲ እንተ ዘይተዋሂቡ፣ ክስታት ቤት ፍርዲ ክጅምር እዩ። ስለዚ፣ ምናልባት ናብ ቤት-ፍርዲ ምኻድ የድልዮ እንተኾይኑ፣ ናብ ቤት ፍርዲ ቕድሚ ምቕራባ ሕጋዊ ምኽሪ ምርካብ ጠቓሚ እዩ።

እቲ እትወስዶ ኣቀራርባ ኣብ ህጹጽነት ናይቲ ጉዳይ ከምኡውን ኣብቲ እቲ ጉዳይ እተላዕለ ቤት ትምህርቲ / ናይቲ ኸባቢ ብዓል ስልጣን/ ሆስፒታል ወይ ካልእ ኣካል ንኸይተ ርሕቕ ኣብ እትገብሮ ጥንቃቐ እተመርኰሰ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ብተዛማዲ ግጭት ዘይብሉ ኣቀራርባ ናብ ውሳነ ክመርሕ ከም ዝኽእል ትኣምን እንተ ኼንካ እሞ እቲ ህዝባዊ ሰበ-ስልጣን ነቲ ዘተሓሳሰበካ ጉዳያት ምላሽ ንምሃብ ጻዕሪ ዝገብር ዘሎ እንተ መሲሉካ ነቶም ውልቀ-ሰባት ብቐጥታ ንምዝርራብ (ካልእ) ኣኼባ ምሕታትት ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ብዛዕባ ውሳነኦም መግለጺ ክህቡ ምሕታት

ዝኾነይኹን ስዒቡ ዝመጽእ ደብዳበ ወይ ኣኼባ ናብቲ ከተሓሳስበካ ዝኽኣለ ውሳነ ብኸመይ ከም ዝመጹ ንኺገልጸልካ ነቲ በዓል ስልጣንክሓትት ኣለዎ። ነዚ ብምሕታትካ ነቲ ጉዳይ ብመሰረት ሕጊ እንደገና ንኽሓስቡሉ ከተገድዶም ኢኻ። እዚ ኸኣ መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ዝያዳ ዘዕግብ መልሲከም ዝህቡ ክገብሮም ይኽእል እዩ።

ብተወሳኺ እዉን፣ ነቲ ውሳነ ንምቅዋም ካብ ናይ ደገፍ ጉጅለታት ወይ ኣማኸርቲ ሓገዝ ንምርካብ ዝቐለለ ስለ ዝኸዉን ስጉምቲ ቕድሚ ምውሳድ ምሉእ ምኽንያቶም ምዉሳድ ጠቓሚ እዩ።

## መጐት ሰብኣዊ መሰላት ምድልዳል

### ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ኣቕርብ

ሰብኣዊ መሰላት ጉዳይ ኰይኑ ዝስምዓካ ስለምንታይ ምዃኑ ብዝርዝር ኣስፍር። እዚ ኸኣ እቲ ውልቀ-ሰብ ክሳብ ክንደይ ይሳቐ ከም ዘሎ ብዝርዝር ምግላጽን ትሕዝቶ እቲ ምስኡ ዝተሓሓዝ ዓንቀጻት ምጥቃስን ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

### ተመጣጠኒነት ጥቐሶ

እቲ ብዓል ስልጣን ኣብ ሰብኣዊ መሰላት እተወሰነ ቀይድታት ከም እተገብረ ክኣምን ይኽእል እዩ፣ እንተኾነግን ኣቀራርብኦም ነቲ ከማልእዎ ዘለዎም ካልእ ነገራት ኣብ ግምት ብምእታው ግቡእ ምላሽ ከም ዝኾነ ክዛረቡ ይኽእሉ እዮም።

ናብዚ ውሳነ ብኸመይ ከም ዝበጽሑ ሕተቶም ከምኡ'ዉን - ንኣብነት፣ ንካልእ ኣቀራርባ ሓሳብ ብምሃብ ወይ እቲ ውልቀ-ሰብ ክሳብ ክንደይ ይሳቐ ከም ዘሎ ብምግላጽ ስለምንታይ ግቡእ ኣይኮነን ኢልካ ከም እትሓስብ ብዝርዝር ግለጸሎም።

### ምጥሓስ ፍጹማን መሰላት

እዚ ጥሕሰት ዘይሰብኣዉን ሕሱርን ኣተሓሕዛ ወይ ንህይወት ዘስግእ ምዃኑ ትኣምን እንተድኣ ኼንካ፣ 'ሚዛናዊነት' ምላሽ ዘዕግብ ኣይክከዉንን እዩ። ነቶም ሰበ-ስልጣናት ፍጹም መሰል ስለምንታይ ከም እተጋህሰ ከም ዝኣመንካ ንገሮም። ከምዚ ዝኣመሰለ መሰላት ዝኾነ ይኹን ሓለፋ ኽም ዘየፍቅድ ከምኡ'ዉን እቲ ሰበ-ስልጣን ተወሳኺ ጉድኣት ንምውጋድን ነቲ ኹነታት ንምዕራይን ቅልጡፍ ስጉምቲ ኺወስድ ከም ዘለዎ ኣዘኻኽሮም።

# ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምጥባቕ:- መዝገብ ምሓዝ

ምስ ሰበ-ስልጣን ዘሎካ ርክብ ንምምዝጋብ ክትጥቀመሉ እትኽእል ሰሌዳ እንሆ። ተወሳኺ ስጉምትታት ክትወስድ እንተ ኣድልዩካ እዚ ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እ። እታ ቐዳመይቲ መስመር ከም ኣብነት ተመሊኣ ኣላ።

| ዕለት | ንመን ኢኻ ተዛሪብካ? | ብኸመይ ኢኻ ኣዛሪብካዮም? | እንታይ ኢሎምኻ? |
|---|---|---|---|
| 08/04/2022 | ኣካያዲ ስራሕ ኣባይቲ | ተሌፎን | ጽባሕ ነቲ ዘፍስስ ዘሎ ነኈል ንምዕራይ ሰብ ክሰድድ እዩ |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |
| | | | |

Created as part of the BIHR Co-Design A Human Rights Support Solution Project
Published April 2022

እዚ ሰነድ ንሓበሬታ ዕላማ ዝገበረ ጥራይ እዩ። ከም ሕጋዊ ምኽሪ ወይ መምርሒ ጌርካ ክትጥቀመሉ ዝተዳለወ ኣይኮነን፣ ንኸምኡ ኣብ ጥቕሚ ክዉዕል የብሉን። ኣብዚ ሰነድ ተጠቒሱ ዘሎ ሕጋዊ መወከሲኡ ካብ ዝሕተም ተቐዪሩ ክኸውን ይኽእል እዩ።